## ሎምስ ተፋሊጥና ኢና!

**ዝማም ተሰማ - ጀርመን**

ስላም! ሰላም ኣሕዋት ደቂ ኤርትራ፣
ፋሕ ኢልና ተሪፍና ከምደቂ ዛግራ፣
እስኪ ንሕሰበሉ ነሕልፎ ዘላና ናብራ፣
መፍትሒ ክንረኽበሉ ብሓበራ፣
መታን ከነሕጽሮ ንሓሳረ መከራ፣
ጓይላን ሰዕስዒትን ንግደፎ ንናይ ህግዲፍ ጭፍራ።

ሃየ ለባማትን ምሁራትን ተበራበሩ፣
ኩሉ ጻዕርታትና እኩብ ብድምሩ፣
ይኹን ኣንጻር'ዞም ሕልና-ኣልቦ ወኻሩ።

ወገነይ ወገንካ፡ ውድበይ ውድብካ ከይበልና፣
ቀዳማይ ኣጀንዳ ይሰራዕ ስቓይ ናይ ህዝብና፣
ዓመጽቲ ከነጥፍእ ካብ ሃገርና፣
ብድሕሪኡ ንኽንብል ሰልፍኹም ሰልፍና።

ግርህነት ህዝብና ዕሽነት ቈጺርኩም፣
ኩሉ ከምድላይኩም ዝኸይድ መሲልኩም፣
ዝተፈላለየ ናይ ተንኮል ምህዞውን እንተምጻእኩም፣
መራሕቲ ህግዲፍ ሰጋ ሰብ ዝቐለብኩም፣
ሎምስ በሪሁልና'ዩ መንነትኩም።

ኣብ ሳሕል ዘጥፋእኩሞም ጀጋኑ ከይኣኽሉኩም፣
ሎሚውን ድሕሪ ነጻነት ትደግምዎ ምህላውኩም፣
ምስ ምንታይ ክቑሻጸር'ዩ ናትኩም መርገም።

ማይ ሓባር፡ ዓዲ ኣበይቶ፡ ዊዓ ብውሕዱ ንምጥቃስ፣
ሎምስ ደረቱ ሓሊፉ ኣፍካ ምዕባስ፣
ሃየ ሃገራውያን ንዳግማይ ቃልሲ ንበገስ፣
ሓግሒግና ከነልግሶም ነዞም ጀዋሲስ።

ህዝቢ እንድሕሪ ተበጊሱ የብሉን መላሲ፣
ኣይትዘንግዕዎ ምኺኑ ሓዊ ኣኾላሲ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ብኣፈ-ሙዝ እንተሓዝኩም፣
ደገ ዘሎውን ባድመ-ባድመ፡ ወያኔ-ወያኔ ብዝብል እንተታለልኩም፣
ዘመኑ፡ ዘመን ኢንተርነት ምኺኑ ዘንጊዕኩም፣
ካብ ዓለም ዝሕባእ ነገር ከምዘየለ ረሲዕኩም።

መራሒኹም ኣሰር ፖልፖት። ኢዲ-ኣሚን መንግስቱ እንተተኸተለ፣
ዋላ'ውን እንተዓበድ እንተተጸለለ፣
በቶም ንሕናን መግስትና ዝብሉውን እንተሃለለ፣
ካብ መላእ ህዝቢ ግን ከምእተነጸለ፣
ክፈልጥ ኣለዎ ብቓልስና ከምዝእለ።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!
ውድቀት ንህግዲፍን ኰራኹሮምን፡
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!